ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

# ተቃላሳይ ኣሕመድ ሸፋ ዑመር ናስር ፓሻ
# ብሞት ተፈሊዩና !!

ተቓላሳይ ኣሕመድ ሸፋ ዑመር ናስር ፓሻ፣ ብዕለት 9 ታሕሳስ 2018 ወጋሕታ፣ ብሕማም ምኽንያት ኣብ ከተማ ካርቱም ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለየና ብምሕባር፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።



ነፍስሄር ኣሕመድ ሸፋ ዑመር ናስር ፓሻ፣ ሓዉ ንተጋዳላይ ዓብደላ ዑመር ናስርን፣ ወዲ ሓወብኦ ንመራሕ ሰውራና ኣሕመድ መሓመድ ናስርን ኮይኑ፣ ብ1943 ኣብ ምስራቕ ኣከለ ጉዛይ እትርከብ "ኣይሮማለ" ዝተባህለት ዓዲ ተወሊዱ።

ነስፍሄር ኣሕመድ ሸፋ ዑመር፣ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም፣ ኣብ 1970 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ። ስራዊት ሓርነት ኤርትራ ተገዲዱ ናብ መሬት ሱዳን ክሳብ ዝኣቱ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሰራዊት ብትብዓት ካብቶም ዝተቃለሱ ሃገራውያን ኢዩ። ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ፣ ቀጺሉ'ውን ኣብ ግንባር ሃገራዊ  ድሕነት ኤርትራ ኣብ ከሰላን ካርቱሙን ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፣ ሃገራውን ውድባውን ግቡኣቱ ክፍጽም ዝጸንሐ ጽኑዕ ተጋዳላይ ኢዩ።

ብሞት ብጻይና ኣሕመድ ሸፋ ዑመር ናስር ፓሻ፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግሃድኤ ደጊምና ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ንምሉኣት ስድራ ቤት ናስር ፓሻ ኣቡበከርን፣ ንኩሎም ብጾቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃበኩም ንብል። ንስዉእ ብጻይና ድማ ልዑል ፈጣሪ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ገነቱ ይቀበሎ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
09/12/2018